## መቕድም




ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ መደበር ትዕሊም፡ ውሑስ መዕቈቢ ተጋደልቲን ናይ ውግእ ቦታን ዝነበረ ሳዋን ከባቢኣን፡ ድሕሪ ናጽነት ንሰለስተ ዓመታት ዝኣክል ጸምዩዎ`ዩ ነይሩ። ሳዋ፡ ጥዑምማያን ኣግራባን ሒዛ ጽምዋ ዓሲሉዋ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ቅድሚ25 ዓመታት ኣብ ሚያዝያ 1994፡ እቶም እትፈልጦም ናይ ቀደም ተጋደልቲ ደቃ(ኣባላት ክፍሊ ታዕሊም ህዝባዊ ግንባር ነበር) ንሓደ ዓቢ ሃገራዊ ጉዳይ ዳግምተመሊሶማ፡ ተረካቢ ሃገር መንእሰይ፡ ብኹሉ መዳይ ዝኹስኰስሉ፡ ወተሃደራዊ ታዕሊምን ኣካዳምያዊን ሞያዊን ስልጠናታትን ዝወሃበሉ ሃገራዊ መሰልጠኒ ማእከል ንምምስራት።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ብነዊሕን መሪርን ሓርነታዊ ኲናት ሓሊፉ፡ ናጽነት ድሕሪ ምርግጋጹ ዝጽበዮ ዝነበረ ዓቢ ዕማም፡ ነቲ ብረዚን መስዋእቲ ዝተረኽበ ናጽነት ምውሓስን ምድልዳልን፡ ብኲናት ዝዓነወት ሃገር ዳግም ብምህናጽን ብምምዕባልን ሃገራዊ ራእይ ክውን ምግባር እዩ ነይሩ። ተረካቢ ሕድሪ መንእሰይ፡ ነዚ ከቢድ ዕማም ዝበቅዕ ንቕሓት፡ ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ብ ቕዓት ከጥሪ ከኣ፡ ምኹስኳስ መንእሰያት ወሳኒ ነበረ። መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ብምግንዛብ፡ ኣብታ ፋልመይቲ ዓመት ናጽነት ማለት ብ20 ሕዳር

1991 እዩ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣዊጁ። እቲ ኣዋጅ ክልተ ግዜ ተመሓይሹ፡ ኣብ መጨረሽታ ኣዋጂ ቁጽሪ 82/1995 ተሰምዩ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ብስሩዕ ኣገባብ ተሰሪሕሉ።

ኣብቲ ኣዋጅ ሰፊሩ ከምዘሎ፡ ዕላማታት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ልኡላዊት ሃገር ዘውሕስ ህዝባዊ መሰረት ዘለዎ ድልዱል ሓይሊ ምክልኻል ምቛም፡ ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኾስኮሰ፡ ንኹሉ ትሕተ-ሃገራውነት ዝሰገረ ስልጡን ኣመለኻኽታ፡ ሃገራዊ ሓድነት ባህልን ክብርታትን ንተረካቢ ወለዶ ምውራስ፣ ፈታው ስራሕ፡ ብዲሲፕሊን ዝተሃንጸ ሓድሽ ትውልዲ ምፍራይ እዩ። ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ - ሳዋ ከኣ፡ ነዚ ዓበይቲ ሃገራዊ ዕላማታትን ምትግባር ዝቔመ ማእከል ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ 25 ዓመታት ብኸቢድ ስራሕ፡ ካብ ጣሻ መሮር ናብ ዘመናዊ ከተማ ዝተቐየረ ማእከል እዩ። ዕላማታት መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ከምቲ ኣብ ኣዋጅ ሰፊሩ ዘሎ፡ ሰፊሕን ኩሉ ጎድናዊን`ዩ ነይሩ። እንተኾነ ሃንደበታዊ ወራር ወያነ ምስ መጸ፡ ኣብቲ ናይ ኲናት እዋን፡ እቲ ዝዓበየ ኣተኩሮ ናይዚ መደብ`ዚ ናብ ምውሓስ ልኡላውነት ሃገር ክቐንዕ ባህርያዊ`ዩ ነይሩ። ኣብቲ ዝቐጸለ መድረኻት ግዳ፡ መደብ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ኣብቲ ቀንዲ ዕላማኡ ማለት፡ ምኩስኻስ ፍልጠትን ሞያን ቀኒዑ ብስሓት ክሰርሓሉ ጸኒሑን ኣሎን።

ታሪኽ ኣመሰራርታ ሳዋ፡ ናብዚ ሕጂ ሒዛቶ ዘላ ምዕባለ ክትበጽሕ ዝተሓልፈ መስርሕ፡ ዝፈሰሰ ወፍሪ፡ ዝተኻየደ ከቢድ ጻዕሪ፡ ተራ ሳዋ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ሃገር፡ ምምዕባል ሞያዊ ዓቕሚ ሰብን ልምዓታዊ ስምብራቱን ኣብ ዚ ሓደ መጽሓፍ ተጸውዩ ዝውዳእ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ፡ እዚ መጽሓፍ`ዚ፡ ነቲ ዝተኻየደ ስራሕን ውጽኢቱን ብዝተማልአ መገዲ ዘንጸባርቕ ከምዘይኮነ ርዱእ እዩ። እንተኾነ፡ ንሳዋን ኣበርክቶኣን ብመጠኑ ከንጸባርቕ ትጽቢት ኣሰናዳእቲ እዩ።

ኣብ መእተዊ ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ኣዛዚ ማእከል ወተሃደራዊ ስልጠናን ኣቦ መንበር ኮሚተ ጽንብል እዮቤልዩ ሳዋን፡ ኰለኔል እዝራ ወልደገብርኤል፡ ሳዋ ብኸመይ ተመስሪታ፡ ኣብ ውሽጢ ርብዒ ዘመን ብኸመይ መስርሕ ሓሊፉ፡ ኣብ ሳዋ ዝተሳለሰሉ ስርሓት፡ ዝተኻየዱ ስልጠናታት፡ ዕማማት ኩለን ኣካላት ሳዋ ብዝ ምልከት ዘዳለዎ ጽሑፍ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ መእተዊ ጽሑፍ`ዚ ምስ

ሳዋን ንጥፈታታን ብዝተጸምቄ ኣቀራርባ ዘላሊኮይኑ፡ ብድሕሪኡ ``ሳዋ ካብ ንግስነት ቋጣ ክሳብ ናጽነት`` ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ሳዋ ዝገልጽ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ሰፊሩ ኣሎ። እቶ ምስዒቦም ብጸሓፍቲን ተረኽቲን ቀሪቦ ምዘለው ብመልክዕ ሓጺር ዛንታ ዝተዳለው ሓቐኛ ፍጻመታት ከኣ፡ ትሕዝቶኦም ኣብ ክልተ ምድብ ከፊልካ ክርኣ ይኽእል። ገለ ካብቶም ዛንታታት ንህይወት ኣብ መዓስከር ሳዋ ዘንጸባርቑ ኮይኖም፡ ዝተረፉ ድማ፡ ዋርሳይ መንእሰያት፡ ኣብ ምክልኻል ሃገርን ዝተፈላለየ ሃገራዊ ዕማማትን ዝገበርዎ ኣበርክቶን ናይ ህይወት ኣጋጣሚታትን ዝትረኹ እዮም።

እዚ መጽሓፍ`ዚ ብብዙሓ ትጸሓፍቲን ተረኽቲን ካልኦት ተሓባበርቲ ኣካላትን ዝተሰናድኣ፡ ናይ እኩባት ስራሕ እዩ። ማእል ስልጠና ይልታት ምክልኻል ኤርትራን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ነዚ ስራሕ`ዚኣ ብምብጋስን ምምዋልን፡ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ጸሓፍቲኣ ብምውህሃድ፡ ሚኒስትሪ ዜና ስእልታት ብምቕራብ፡ ትሕዝቶን ጽባቐን ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ኣብ ምምዕራግ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም። ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ሓለፍቲ መንግስቲን ግንባርን፡ ርእይቶኦም ብምልጋስ፡ እቶም ፍረ-ሳዋ ዝኾኑ መንእሰያት ድማ ዝኽርታቶምን ውዕሎታቶምን ብምትራኽ፡ ከምኡውን ንጸሓፍቲ ሓበሬታን መኣረምታን ብምስናቕ ዝገበርዎ ምትሕብባር እውን ልዑል እዩ። በዚ ኣጋጣሚዚ ንኹሎ ምኣብ ምሰንዳእ ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ዝተሳተፉ ጸሓፍቲ፡ ተረኽቲ፡ ኣርታዕቲ፡ ወሃብቲ ሓበሬታን መኣረምታን ልዑል ምስጋናና ነቕርበሎም። ብተወሳኺ፥ ቤት ማሕተም ሳቡር፡ ኣብ ውዱእ ስዓት እዚ መጽሓፍ`ዚ፡ ብጽፈት ተሓቲሙ፦ ኣብ ጽንብል ብሩራዊ እዩቤልዩ ሳዋ ንኸርክብ ዝገብርዎ ምትሕብባር ኣዝዩ ክምስገን ዝግብኦ እዩ።

## ኣሰናዳእቲ